ዕለት 20.06.2011

# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን
# ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርቫይለር ዝካየድ ባህላዊ በዓል
# ንሃገሮም ወኪሎም ውዒሎም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን፣ ብዕለት 19.06.2011 ካብ ሰዓት 11.30 ክሳብ ሰዓት 19.00 ኣብ ከተማ ከለን ዞና ኮርቫይለር፣ ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርቫይለር ዝካየድ ዓመታዊ ባህላዊ ብዓል ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፣ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም ተኻፊሎም ። ኣደታት ናይ እታ ደቃ ብሃገራውነት እተዕቢ ናይ ወለድን ሕጻናትን ማሕበር ግሩምን ምዕሩግን ዝኾነ ባህላዊ መግቢን መስተን ብምእንጋድ ብኤርትውያንን ካልኦት ዜጋታትን ተሳተፍቲ ብዓል ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፈን። እቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ማሕበራውያን ሓይልታት፣ ከምኡውን ካብ ከለንን ከባቢን ዝመጹ ኤርትራውያን ፈተውቲ ባህሎምን ሃገሮምን ኣብቲ ኩሉ መደባት ብምስታፍ ነቲ ብዓል ዓቢ ክብሪን ድምቀትን ሂቦሞ ውዒሎም።

ሓላፊት ምምሕዳር ከተማ ከለን ኣብ መድርኽ ወጺኣ ሓጺር ታሪኽ ኤርትራን፣ ኤርትራውያን ኣብዚ ዓመትዚ ናይ መበል 20 ዓመት ናጽነቶም ዘብዕልሉ ብምኽኑ ፍልዩነት ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላጽ፣ ሓድነት ብሄራት ኤርትራ ኣብነታዊ ምኻኑ ጠቒሳ፣ ሎሚ ድማ ኤርትራውያን ብሄራቶም ወኪሎም መደብ ከቕርቡልና እዮም ኢላ ድሕሪ ምሕባራ፣ መደብ ሒዞም ተቐሪቦም ዝመጹ ተመሃሮ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ናይ ብሄራት ኤርትራ ባህላዊ ሳዕስዒት ኣርእዩ ። ተሳተፍቲ በዓል ድማ ብኣድናቖት ነቲ መድብ ተኸታተልዎ። ምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርቫይለር ኣብ ተሳትፎ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ኣወንታዊ ገምጋም ስለዘጸንሓ ኣብዚ ዓመት'ዚ እውን ዝበለጸን ዝገፍሐን ቦታ እያ ሂባታ።

እቶም ብሃገሮምን ባህሎም ሕቡናት ኤርትራዊያን ተሰተፍቲ በዓል ድማ ኣብቲ መደባት ብምስታፍ ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋታትን ባህልታትን ክፋለጡን ብዛዕባ ሃገሮምን ናይ ሃገሮም ባሕሊ ከፋልጡን ብምውዓል ነቲ በዓል ዓቢ ክብሪ ሂበሞ ውዒሎም። ሰዓት 7:00 ድ.ቀ. እቲ ወግዓዊ መደብ ምስ ተወድኤ፣ ኤርትራዊያን ተሳተፍቲ መደብ ብናይ ብሕቶም ምዉቕ ባህላዊ ጓይላን ሕጉስ መንፈስን እቲ ብዓል ደምደምዎ።

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን